# ዕዉት ፌስቲቫል ኤርትራ 2010 ኣብ ጀርመን

*ፌስቲቫል ኤርትራ 2010 ኣብ ጀርመን፡ ብዕለት 16.07.2010 ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ብወግዒ ተኸፊቱ። እዚ ኣብ ትሕቲ „ብስራሕ - ንምክት ንግስግስ“ ዝብል ጭርሖ ክሳብ ዕለት 18.07.2010 ዝተካየደ ፌስቲቫል ብልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ብክብ ዝበል ድምቀት ኢዩ ተኸፊቱ። ኣቶ ሓጎስ ብ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን፡ ሓላፊ ኮማውን ህዝባውን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ተሰንዩ ንፌስቲቫል ጀርመን 2010 ብወግዒ ድሕሪ ምኸፉቱ፡ ንኽብሪ እዚ ፌስቲቫል ኣብ ዝተዳለወ መኸፈቲ ጽምብል ተሳቲፉ። እዚ መኸፈቲ ጽምብል ብተማህሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ፍራንክፈርት ብዝተዳለወ ኤርትራዊ ሳዕስዒታትን ወኒ ዘበራበረ ግጥምን ድራማን ማዕሪጉ ኣምስዩ። ብጀካ እዚ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብዝርከቡ ሃገራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዝተዳለወት „ኣታ ስድራ“ ዘርእስታ ተዋስኦ ንምርኢት ቀሪባ። እዛ ተዋስኦ ኤርትራዊ ኣብ ውሽጢ ይሃልው ኣብ ደገ ንልኡላውንት ሃገርን ኣብ ምምካት ኩሉ ዓይነት ውዲታትን ዘለዎ ክምህ ዚይብል ተወፋይነትን ፍቕሪ ሃገርን ኣጉሊሓ ተርኢ ብተዓዘብቲ ኣድናቖት ዝረኸበት ምርኢት ኢያ። ኣብዚ መኸፈቲ ጽንብል ብዝተፈላለዩ ሃገራውያን ስነ-ጥበባውያን ዝተዳለዋ ሃደስቲ ዜማታትን ደርፍታትን ቀሪቡ። ድሕሪ እዚ መኸፈቲ ጽንብል፡ ካብ ኤርትራ ዝመጽኣት፡ ሕቡባት ደረፍትን ሙዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ 'ሶይራ' ክሳብ ሰዓት 02:00 ወጋሕታ ዝተፈላለዩ ጣዕመ ዜማ ዘለዎም ደርፍታት ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ክተዘናግዕ ሓዲራ።*

*ቀዳም ዕለት 17.07.2010 መደብ ፌስቲቫል ብስፖርታዊ ውድድራት ኢዩ ፈሊሙ። ኣቲ ስፖርታዊ ውድድራት ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ ዘሎ ሰዓታት ክኣ ቀጺሉ ውዒሉ። ማዕረ-ማዕረ እዚ ቀዳም ካብ ሰዓት 12:00 ጀሚሩ ንኣጋይሽ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝተዳለወ ፍሉይ መደብ ተኻይዱ። ኣምባሳደር ጴጥሮስ ንኣጋይሽ ናይ እንቋዕ መጻእኩም ቃል ኣስሚዑ። ኣብ'ዚ ፍሉይ መደብ ፈተውትን ኣዕሩኽን ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፎም። እንግዶት ምሳሕን፡ ፍሉይ ወግዒ ቡንን ድማ ተገይሩሎም።*

*ብማሕበረ ኮም ፍራንክፈርት ዝተዳለወ "ኣምቢ ንእገዳ" ብዝብል ማዕረ ማዕረ ፈስቲቫል ኣብ ጎድኒ ህዝብን መንግስትን ምህላዉ ዳግም ዘረጋግጽ ሰላማዊ ሰልፊ ድሕሪ ምክያድ ሰዓት 17:00 ኩሉ ተሳታፋይ ፌስቲቫል ዓመት-ዓመት ብሃንቀውታ ዝጽበዮ መግለጺ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ ሰዒቡ። ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ንውሽጣዊ መስርሕ ህንጻት ሃገርን፡ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣመዝጊባቶ ዘላ ገስጋስን፡ ህዝብን መንግስትን ዕብየትን ምዕባለን ሃገር ንምርግጋጽ ዝወሰድዎን ዝወስድዎ ዘለዉ ስጉምትን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተሰገደደ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ብስራሕ ንምምካቱን ዝተወሰደን ዝውሰድ ዘሎን ንጥፈታት ብሰፊሕ ኣብሪሁ። ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ዘጋ ንዝገብሮ ዘሎ ዘይሕለል መኸተን ኣበርክቶን ንኢዱ። ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብቑዕ መልሲ ብምሃብ፡ ብተሰተፍቲ ንዝተዋሃበ ርእይቶታት ሰሚዑ።*

*ድሕሪ እዚ ኣገዳሲ ሰሚናር ዝሰዓበ መደብ ምምራቕ ዕውታት ተመሃሮ ኢዩ። ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2009/2010 ኣብ ዩኒቨርስቲ ትምህርቶም ዝወድኡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ማእከላት ትምህርቲ ሞያዊ ትምህርቶም ዝዛዘሙ፡ ከምኡ እውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ብዓወት ዝዛዘሙ ኣስታት 50 ተመሃሮ ዝተዳለወሎም ምስክር-ወረቐት ካብ ኢድ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ኣምባሳደር ጴጥሮስን ተቐቢሎም። ድሕሪ እዚ ካብ ሰዓት 20:30 ጀሚሩ መንእሰያት ንበይኖም ኩነታቶም ንምዝታይ ዘዳለዉዎ መደብ „ዘተ መንእሰያት“ ኣካይዶም። ኣብ ናይ ቀዳም ምሸት መደብ ዝተፈላለዩ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስነ-ጥበባውያን ዝተሳታተፍዎን ብጉጅለ ባህሊ 'ሶይራ' ዝደመቐን ባህላዊ መደብ ክሳብ ሰዓት 05:00 ወጋሕታ ቀጺሉ ሓዲሩ። ጎድኒ-ጎድኒ እዚ መንእሰያት ብፍሉይ ኣብ ዘዳለውዎ „ጓይላ መንእሰያት“ ክዘናግዑ ሓዲሮም።*

*ሰንበት ዕለት 18.07.2010 ልክዕ ሰዓት 13:00 ብፕሮፌሰር በርህ ሃብተገርግሽ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ኩነታት ኤርትራን ከባቢኡን ዝብል ኣስተምህሮ ቀሪቡ። እዚ ኣስተምህሮ ኣብ ተሳተፍቲ ፍሉይ ጦብላሕታ ዝሕደረን መኸትኡ ንከሕይል ተወሳኺ ድፍኢት ዝሃበን ኣስተምህሮ ኢዩ ነይሩ።*

*ፌስቲቫል ኤርትራ ብማሕበረኮማት ዝተዋደደ መዘናግዒ ቦታታት፡ ብኣዴታት ግርማ ዝለበሰ ጽምእኻን ጥሜትካን ተርውየሉን ተዓንግለሉን ዳሳት፡ ብማሕበረኮማት ዝምወሉ ተመሃሮ ቋንቋ ኣደ ኣደናቒን ዓሚቕ ፍልጠት ዝሓዘለ ውድድር ሃገራዊ ፍልጠት ዘቕርብሉን ፣ ህጻውንቲ ብፍሉይ ዝዝናግዕሉን ዝእለይሉን ኣብ „ቁሸት ህጻናት“ ዝዕንድርሉ፡ ስነ-ጽሑፍን ስእላዊ ምርኢትን ዝተንጸባረቐሉ፡ ዕዉት ሃገራዊ ውራይ ኢዩ ነይሩ። ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ጉጅለ ባህሊ 'ሶይራ' ንተሳተፍቲ ኣይለቀቕን ኢየ ብምባል፡ ንተሳህየቲ መመሊሱ ባህላዊ ናፍቆቶም ዘዕረገ መሳጢ ናይ መዘናግዒ መደብ ኣቕሪባ። ፌስቲቫል ሽማግለ ንተሳተፍቲ ሰለ እቲ ጭዋ ተሳትፎኦም ምስግናኣ ምስ ኣቕረበት ልክዕ ሰዓት 21:00 ምሸት ዕዉት ፌስቲቫል ኤርትራ 2010 ኣብ ጀርመን ብወግዒ ተዛዚሙ።*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ኣወሃሃዲት ሽማግለ ፌስቲቫል ኤርትራ2010*